## ትካል ድሕነት ህጻናት ውድብ ሕቡራት ሃገራት

### ንህልዊ ኩነታት ህጻናት ኤርትራ ኣመልኪቱ ብ9 ጥሪ 2017 ዝዘርገሖ ጸብጻብ

*ኤርትራውያን ብወሳኒ መልክዑ ዕለታዊ መግቦም ካብ ፍርያት ሕርሻን እንስሳን'ዮም ዝረኽቡ። እንተኾነ ግን እዚ 80% ዝኾነ ብሕርሻን ጉስነትን ዝናበር ህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ተደጋጋሚ ደርቂ ካብ ምዃን ኣይምለጠን። ኤርትራ ካብ 2015 ንነጀው ቀጥታ ተጠቃዒት ናይ'ቲ ኤልኒኖ ዝተባህለ ምዝባዕ ኣየር ኮይና ጸኒሓ ኣላ። እዚ ምዝባዕ ኣየር ብግርጽ ንኤርትራውያን ሃስይዎም'ዩ። ካብኡ ናብኡ ከኣ ነደታትን ህጻናትን። ድኽነትን ሕጽረት መግብን ዘምጸኦ ዝተፈላለየ ሕማማት ተኸሲቱ'ዩ። ከም ውጽኣት ሕማም ሽሮኽን ካልእን። ብፍላይ ከኣ ኣብ ሰለስተ ዞባታት እታ ሃገር፡ ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድሜኦም ህጻናት ብሕጽረት መግብን ሳዕቤናቱ ኣዝዮም ተጠቂዖም ይርከቡ። ከምኡ'ውን ሓራሳትን ነበርቲ ቆላን። እቲ ዝተግብረ መጽናዕቲ ከም ዘነጽሮ ኤርትራ ብፍላይ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ከቢድ ሓደጋ ደርቂ'ዩ ከጋጥማ ጸኒሑ።*

*ኣብ ኤርትራ ግን ብዘይካ'ዚ ምዝባዕ ኣየር ዝፈጠሮ ዋሕዲ መግቢ ካልእ ዓቢ ጸግም ከጋጥም ጸኒሑ ኣሎ። ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ስለዚ ከኣ ኩነታት ጥዕና ዜጋታት ኣሻቓሊ ኮይኑ'ዩ ከመጽእ ጸኒሑ። ሕጂ'ውን ብኡ'ዩ ዝቅጽል ዘሎ። እዚ ኩነታት ኣብ ገጠራት ኤርትራ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ኣሻቓሊ ኮይኑ ኣሎ። ብዙሓት ህጻናት ኤርትራ ብዋሕዲ መግብን ክንክን ጥዕናን ዝተጎድኡ ብምዃኖም፡ ብኣካልን ብስነ-ኣእምሮን ዝተሃንጹ ኣይኮኑን። ኣካላዊ ኮነ ኣእምሮኣዊ ምዕባሌኦም ካብ'ቲ ክኾንዎ ዝግባእ ንታሕቲ'ዮም። እዚ ኩነታት ብከምዚ ዘለዎ እንተቐጺሉን ካልእ ተወሳኺ ክብድ ዝበለ ሕማም እንተመጺኡን ብርግጽ ኤርትራውያን ህጻናት ክጻወርዎ ዝኽእሉ ኣይኮኑን። ኣዝዩ ከቢድ'ዩ።*

*እሞ ከመይ ዝበለ ስትራተጂ እንተተኸተልና ይሓሸ?*

*ትካል ህጻናት ኣድሕን ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ "ዩኒሴፍ" ህይወት ህጻናት ንምድሓን ክገበር ኣለዎ ኢሉ ዝኣምነሉ ሜላ ኩሉ ክትግብር ድልዊ'ዩ። ኣብ ወረቐት መርሆ ምሕንጻጽ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ነገራዊ ቀረባትን ትግባረን'ውን ብንጥፈት ክዋሳእ'ዩ። ከምኡ ክንገብር ግን መንግስቲ እታ ሃገር ንስራሕ ምቹእ ዝኾነ ሃዋህው ክፈጥረልና ኣለዎ። ህጻናትን ኣዴታትን ካብ ዓጸቦን ሞትን ንምድሓን ክንረባረብ ድልዋት ኢና። ፈጺምና ድሕር ኣይንብልን። ኣብኡ ዘሎ ኩነታት ግዜ ዝህብ ኣይኮነን። ቀረብ መግብን ኣፋውስን ግዜ ዘይህብ ሕቶ'ዩ ሎሚ ኣብ ኤርትራ።*

*ዩኒሴፍ ኣብ መላእ ኤርትራ እናተዛወረ ብሕጽረት መግቢ ንዝተጠቕዑ ኮነ ብሕማም ንዝማስኑ ዘለው ንምድሓን ክረባረብ ሓደ ካብ ዝቐመሉ ዕላማታቱን ግዴታኡን'ዩ። ከምኡ ክገብር ከኣ ድሌትን ዓቕምን ኣለዎ። ዩኒሴፍ ብዘይካ'ዚ፡ ኤርትራውያን ሞያዊ ዓቕሚ ኣጥሪዮም ባዕሎም ነብሶም ዝኽእልሉ ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ክህብ'ውን ድሌት ኣለዎ። ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ እታ ሃገር ተሓባቢሩ ኣብ ቆላታት ኤርትራ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ርሒቖም ዝርከቡ ኤርትራውያን ናብ ትምህርቲ ዝኣትውሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ክተሓጋገዝ'ውን ቅሩብ'ዩ። ብዝኾነ መጽናዕትና ከም ዘመልክቶ፡ ኣብ ኤርትራ ሎሚ ህጹጽ ሓገዝ ናይ ዘድልዮም ዜጋታት ቁጽሪ 2 ሚሊዮን፤ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ናይ ዝርከቡ ህጻናት ቁጽሪ ከኣ 1.2 ሚሊዮን ዝኣክል ምዃኑ'ዩ።*

*ጸብጻብ ትካል ህጻናት ኣድሕን ውድብ ሕቡራት ሃገራት 9 ጥሪ 2017*

*ትርጉም ፈነወ ረድዮ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 15-01-2017*